# ዜናዊ ጸብጻብ

## ብኤርትራውያን ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ሃምቡርግ
## ኣብ ከተማ ከለን፡ ሃገር ጀርመን እተዳለወ ኮንፈረንስ

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**
**ዕለት 25.09.2004**

1. ኣብ ኤርትራ ለውጥን ዲሞክራስን ንምርግጋጽ ዘሎ ዕድላት ዝድህስስ ብኤርትራውያን ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ሃምቡርግ እተዳለወ ኮንፈረንስ፡ ካብ 18-19 መስከረም 2004 ኣብ ከተማ ከለን፡ (ጀርመን) ከምእተኻየደን ብዓወት ከምእተዛዘመን ተፈሊጡ። ኣብዚ ኮንፈረንስዚ መግለጺ ዝሃቡ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ዝመጹ ጀርመናውያን፡ ንሰብኣዊ መሰላትን ንዲሞክራስን ዝጣበቑ ኤርትራውያን ሲቪካዊ ማሕበራትን ወከልቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ነበሩ። ኣብቲ ኮንፈረንስ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ወኪሉ ዝቐረበ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ኢዩ ነይሩ። ካልኦት ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባት ውን ከምዝነበሩ ዝመጸና ሓበሬታ ይገልጽ። ወከልቲ ናይ ኤርትራ ኤምባሲ ኝኽሳተፉ ዕድመ ተገይርሎም ከምዝነበረ፡ ግን ከኣ ኣብቲ ኮንፈረንስ ከም ዘይተረኽቡ ኣዳለውቲ ኮንፈረንስ ሓቢሮም።

ቀዳም፡ ዕለት 18 መስከረም፡ ዝተካየደ መጋባእያ ብዛዕባ ክልተ ኣርእስትታት ኢዩ ዘትዩ። እቲ ቀዳማይ ኣርእስቲ፡ ብዛዕባ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ስደት ብሓፈሻ፡ ብዛዕባቶም ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ድማ ብፍላይ ዝምልከት ነበረ። ብዛዕባዚ ጉዳይዚ መግለጺ ዝሃቡ ብዛዕባ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናይ ዶክቶርነት ምርምር እትገብር ዘላ፡ ሚስ በቲና ኮንራድ ካብ ረግንስቡርግ ዩኒቨርሲቲ፥ ከምኡ ውን፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ፡ ብዛዕባ ኤርትራ ክጽሕፍ ዝጸንሐ፡ ናይ ፖለቲካ ተመራማራይን ጋዜጠኛን ዝኾነ ሚስተር ጉንተር ሽሮይደር ካብ ፍራንክፈት ኢዮም። ዝሃቦ ኣስተምህሮ መሃርን ሓባርን ነይሩ። ካብቲ እተዋህበ ገለጻ፡ 24000 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ጀርመን፥ 16,000 ኣብ ሽወደን፡ 10,000 ኣብ ዓዲ ጣልያን፡ 8,000 ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ 6,000 ድማ ኣብ ሆላንድ ከምዝርከቡ ክፍለጥ ተኻኢሉ። ካልኦት ኤርትራውያን ብብዝሒ ዝርከቡለን ሃገራት፡ ሱዳን (300,000)፡ ኢትዮጵያ (100,000)፡ ስዑዲ ዓረብ (80.000)፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ (35,000) ኢየን። ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነት፡ መንግስቲ ጀርመን፡ ክሳዕ 560 ዝኾኑ ስደተኛታት፡ ዘድልዮም ደገፍ ብምርካብ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ተሓባቢሩ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ኤርትራ ዝጸንሑም ኩነታት ዘተባብዕ ስለዘይነበረ ዳርጋ ብምሉኦም ናብ ጀርመን ተመሊሶም።

እቲ ካልኣይ ኣርእስቲ፡ ብሙሴ ኤፍረም እተባህለ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቐ ኤርትራዊ ክብ ሽወደን ብዝሃቦ መግለጺ ጀሚሩ። ከምኡ ውን፡ ወከልቲ ኤርትራውያን ሲቪካዊ ማሕበራት ከም ናይ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ተጣባቒ ናይ ዓዲ እንግሊዝ፤ ማሕበር ኤርትራውያን ንስኒትን ሰላምን ናይ ፍራንክፈርት፡ ንኤርትራውያን ሲቪካዊ ማሕበራት ኣብ ኣውሮጳ ዝጥርንፍ

ማሕበርን ንናይ ሕልና ተቓወምቲ ዝጣበቕ ጸረ ውግእ ዝኾነ ምንቅስቓስን በብሸነኹም መግለጺ ኣቕሪቦም።

ድሕርዚ ስፍሕ ዝበለ፡ ኣብ ኤርትራ ንዝፍጸሙ ሰብኣዊ ግህሰታት ዘቃልዐ መግለጺታት እዚ፡ ዕዱማት ኣኼበኛታትን ኣቕረብቲ መደረታትን እተሳተፍዎ ክትዕ ተኻይዱ። ገለገለ፡ ብተደጋጋሚ እተላዕሉን ብዙሕ እተዘርበሎምን ሕቶታት እዞም ዝስዕቡ ነበሩ።

ሀ. ናይ ኤርትራውያን ሲቪካዊ ማሕበራት ኣብ ስደት፡ ኣትኵሮኦም ኣብ ፖለቲካ ብምግባር ንሲቪካዊ ጕዳያት ዕሽሽ ኣይበልዎንዶ?
ለ. ስለምንታይዩ እዚ ሓድሽ ወለዶ፡ ኣብ ሲቪካዊ ማሕበራት ይኹን ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት ዘይሳተፍ ዘሎ?

ብዙሓት ተሳተፍቲ፡ ዋላ ውን እቶም ጀርመናውያን ክኢላታት ከይተረፉ፡ እቲ ጠንቂ፡ እቶም ኣብ መንግስቲ ይኹን ኣብ ተቓውሞ ዝርከቡ ገዳይም ፖለቲከኛታት፡ ስልጣን ስለዝበሓትዎን ፖለቲካዊ ስርሓቶም ብዝበለየ ኣገባብ ስለዝካየድን ኢዩ ዝብል መልሲ ክህቡ ተሰሚዖም።

ሳልሳይ ኣርእስቲ፡ ንፖለቲካዊ ጕዳያት ዝምልከት ኰይኑ፡ ብሰንበት፡ ዕለት 19 መስከረም፡ ኢዩ ተኻይዱ። ወከልቲ እተፈላለዩ ውድባት፡ ብዛዕባ ከመይነት ምህናጽ ርግእትን ዲሞክራስያዊትን ብልጽግትን ኤርትራ ኣመልኪቶም ርእይቶ ውድቦም ገሊጾም። ብድሕሪ መግለጺታቶም ድማ፡ ንሕቶን መልስን ክትዓትን ሰፊሕ ዕድል ተዋሂቡ።

ጽማቖ ናይቲ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ዘቕረቦ መደረ ድማ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ናይ ዝሰፍሐ፡ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም ዝርከብ ህዝብና ተኣማንነትን ተቐባልነትን ዘለዎ ስሙር ናይ ኤርትራ ተቓዋሚ ሓይሊ ብዝፈጥሮ ሓድሽ ናይ ለውጥን ምልዕዓልን ሃዋህው ጥራሕ ኢዩ፡ ህዝብን ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራን ተላዒሉ ነቲ ስርዓት ደፊኡ ከውድቖ ዝኽእል ኢሉ። ወጻእተኛታት፡ እንተላይ ጐረባብትና ከበርክቱልና ዝኽእሉ ዓቢ ሓገዝ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጕዳያትና ምትእትታው ዘይኰነስ፤ እንታይ ደኣ፡ ንጥጡሕ ምስግጋር ናብ ርግእትን ስምርትን ሰላማዊትን ኤርትራ ዘኽእለና ሓቀኛ ደገፍ ክገብሩልና ኢዩ ዝግባእ ኢሉ።

ቀጺሉ፡ ጠንቂ ናይዚ ኤርትራ ኣትያቶ ዘላ ዓዘቕቲ፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ፍትሕን፤ ማዕርነታዊ ፖለቲካዊ ተሳትፎን ከረጋግጽ ዝኽእል ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ስለዘየለ ኢዩ ክብል ኣስሚርሉ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ መፍትሒ ናይ ኵሉ ንህዝብና ዘጋጥማ ዘሎ ጸገማት፡ ግዝኣተ-ሕግን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝሰፈኖ ሃገር ምህናጽ ማለት ኢዩ ብምባል ኣብሪህዎ።

ኣብዚ ንኣርባዕተ ሰዓታት ዝቐጸለ ምይይጥ፡ ካልኦት ሕቶታት ውን ተላዒሎም ምንባሮምን፤ እቲ ኮንፈረንስ ብቪድዮ ተቐሪጹ ከምዘሎን ጸብጻብ ጋንታ ንሓርነት ሓቢሩ።

2. መንግስቲ ሊብያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ንልዕሊ 70 ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ በስገዳድ ናብ ሃገሮም ንምምላስ ዝወሰዶ ስጉምቲ፡ ብሓደ ናይ ሕቡራት ሃገራት ናይ ስደተኛታት ትካል ተወቒሱ።

እቲ ትካል፡ በዚ መንግስቲ ሊብያ ዘካይዶ ዘሎ ቀጻሊ ናይ ኣስገዳድ ምምላስ ተግባርዚ ተሻቒሉ ከምዘሎ ውን ኣይሓብአን። እዚ ናይ 75 ኤርትራውያን በስገዳድ ምስጓግ፡ እቲ ኵነታት በጺሖዎ ዘሎ ሓደገኛ ደረጃን፤ ሓተቲ ዑቕባ ውን ንህይወቶም ንምድሓን ዘይግበር ከገብሩ ምዃኖም ዝእምት ምልክት ኢዩ ኢሉ።

እዞም ኤርትራውያን እዚኣቶም፡ ንሃገሮም ይምለሱ ከምዘለዉ ከይተሓባሮም፡ ብዕ ለት 27 ነሓሰ፡ ብሓንቲ ናይ ሊብያ ናይ ወተሃደር ነፋሪት ናብ ሃገሮም ተባሪሮም። ኣብ ጉዕዞ ከለዉ ድማ፡ ናብ ሃገሮም ይምለሱ ከምዘለዉ ስለዝፈለጡ፡ 4 ካብቶም ተባረርቲ ነታ ነፋሪት ጨውዮም ኣብ ሱዳን ከምእትዓልብ ገበርዋ።

ሮን ረድሞንድ እተባህለ፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት ናይ ስደተኛታት ትካል ቃል ውሃቢ፡ ሓደ ኣካል ናይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ምስ 60 ካብቶም ኣብ ሱዳን ዝበጽሑ ስደተኛታት ቃለ-መሓትት ከምዝገበረ ሓቢሩ። እቶም ስደተኛታት፡ “ብዘይ ክሲ ንነዊሕ ግዜ ኣብ ኩፍራ እትብሃል ከተማ ናይ ሊብያ ከምእተኣስሩን፤ ተደጋጋሚ ኣካልዊ ማህረምቲ ኣብ ልዕሊኦም ከምእተፈጸመን” ክብል ሚስተር ረድሞንድ ኣቃሊዑ። ከምኡ ውን፡ “ምስ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ንምርኻብ ሓቲቶም፡ ግን ዕድል ከም ዘይተዋህቦም ገሊጾም። እዚ ከኣ፡ መንግስቲ ሊብያ፡ ንኣህጉራዊ ዑቕባ ዝሓቱ ኣብ ጸገም ዝርከቡ ሰባት፡ ዋላ እቲ ዝተሓተ ኣገልግሎት ናይ ምብርካት ድሌት የብላን ዝብል ሻቕሎት ዘልዕል ኢዩ” ኢሉ።

60 ካብዞም ስደተኛታት እዚኣቶም ኣብ ሱዳን ናይ ስደተኛታት ናይ ዑቕባ ፍቓድ ከም እተዋህቦም፤ እቶም ዝተረፉ 15 ድማ ኣብ ማእሰርቲ ምህላዎ ሚስተር ረድሞንድ ገሊጹ።

መንግስቲ ሊብያ፡ ንመሬታ ከም መሰጋገሪ ካብ ዝጥቀሙ ዘይሕጋውያን ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ክትሕሉ ብሓድነት ኣውሮጳ ጸቕጢ ክግበረላ ጸኒሑ ኢዩ። ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ሊብያ፡ ድሕሪቲ ናይ ነፋሪት መጭወይቲ፡ መንግስቲ ሊብያ ነዞም ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ንኸመልሶም ዝወሰነ፡ ነቲ እናዛየደ ዝመጽእ ዘሎ ዋሕዚ ናይ ዘይሕጋውያን ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ንምውጋእ ኢዩ ዝብል መግለጺ ሂቡ።

ሊብያ፡ ኣካል ናይቲ ናይ 1951 ዓ.ም ናይ ስደተኛታት ጉባኤ ኣይኮነትን። እንተኾነ ግን፡ መንግስቲ ሊብያ ብመሰረት እቲ ዝፈረመትሉ ንስደተኛታት ዝምልከት ናይ 1969 ናይ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ጉባኤ ስምምዕ ከተኽብሮ ዘለዋ ገለገለ ግዴታታት ኣለዋ ኢዩ ክብል ሚስተር ረድሞንድ ገሊጹ።

“ሊብያ፣ ካብቶም ቀዳሞት ናይ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ጕባኤ ስምምዕ ዝፈረሙ ሃገራት ኣፍሪቃ ኢያ ትቑጸር፤ እቲ ብ27 ነሓሰ እተወሰደ ናይ ስደተኛታት ምብራር ስጕምቲ፣ ንስምምዕ ጕባኤ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ዝጥሕስን፥ ጸረ ኣህጕራዊ ናይ ዑቕባ መሰልን ውን ኢዩ” ክብል ገሊጹ።

ህዩማን ራይትስ ዎች እተባህለ ንሰብኣዊ መሰላት ዝከራኸር ትካል ድማ፣ ናብ ኤርትራ ዝባረሩ ዘለዉ ስደተኛታት ኣደዳ ማእሰርትን ስቅያትን ይኾኑ ከምዘለዉ ኣቃሊዑ። ካብ ሊብያ ብኣስገዳድ እተመልሱ ሰባት ኣብ ማእሰርቲ ከምዘለዉን ምስ ቤተ-ሰቦም ናይ ምርኻብ ዕድል ከምዘይብሎምን ጭብጥታት ኣሎኒ ኢሉ።

ሰበስልጣን ኤርትራ፣ እቶም ዝሃድሙ ዘለዉ፣ ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግዴታ ከይፍጽሙ ዝደልዩ ስለዝኾኑ፣ ክቕጽዑ ኣለዎም ክብሉ ንሰበ-ስልጣን ሕቡራት ሃገራት ምንጋሮም ዝፍለጥ ኢዩ።

መንግስቲ ሊብያ፣ ዑቕባ ንዝሓቱ ስደተኛታት ብዘይ ድሌቶም ናብ ሃገሮም ናይ ምምላስ ተግባር ደው ከብል፣ ካብ ትካል ስደተኛታት ናይ ሕቡራት ሃገራት ጻውዒት ከምዝቐረበሉ ውን ተሓቢሩ።